# ዝደሀ ዘሎ ድምጺ ህግደፋውያን
# “ሓድሽ ቃና” ዋላ “እቲ ዝበስነው”?

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዘየቋርጽ መስርሕ ምንቁልቋል ኣትዩ፡ ካብ ሓደ ታኼላ ናይ ፍሽለት፡ ናብ ዝባኣሰ ሰልሚ-ጀቕጀቕ ታኼላ ውድቀት እናተሸ'ኸለ፡ ናብ ማዓሙቕ እናሃጠመ ይኸይድ ምህላዉ፡ ኩነታቱ ኣፍ-ኣውጺኡ ዝዛረቦ ዘሎ ርኡይ ሓቂ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዝተኸተሎም ፖሊሲታት፡ ወርቃዊ ዕድላት ኤርትራን ኤርትራውያንን ሓሺሹ፡ ንትስፉው መጻኢና ኣጸልሚትዎ'ዩ። ሎሚ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ገምገም ሓደጋ ብርሰትን ዕንወትን ወዲቆሙሉ ዘለዉ ኩነት'ምበኣር፡ ውጽኢት ናይ'ዚ ን20 ዓመታት ብዘይምቁራጽ ኣብ ጎደና ፍሽለት እናተጓዕዘ ዘዋህለሎ ክርዳድ ምህርቲ ፋሽስትነት'ዩ። ንምኳኑ እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝፈጸሞም ታሪኻዊ ገበናት ደረጅኦም ክሳብ ክንደይ'ዩ? ኣብ ህልውና'ዚ ስርዓት'ዚ ክርከብ ዝኽእል ለውጢ እንታይ ዓይነት'ዩ? ብመሰረቱኸ እዚ ስርዓት'ዚ ንለውጢ ዝቕበል ባህሪ ኣለዎዶ? ምርጫ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ከ እንታይ ክኸውን ትጽቢት ይግበር? ማእከላይ ኣጀንዳ ናይ'ዚ ምድላው'ዩ። ስለዚ ድማ ከም መበገሲ ክኾነና፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ካብ መንጎ'ቶም ዝፈጸሞም ታሪኻዊ ገበናት እቶም ፍሩያት ንምርኣይ ክንፍትን ኢና።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ'ቲ ብሙዑት ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ዝተዓወተ ሓርነታዊ ቃልስና ብጉልባብ ነጻነታዊ ሕቶ ህዝብታትና ተኸዊሉ ብቦኽሪ ዓወቱ እናተሰራሰረ፡ ኣብ ዱርኩኺት ቤተ-መንግስቲ ኣስመራ ምስ ኣተወ፡ እዋን ሕጹኖቱ ገና ከይወደአ እንከሎ፡ ነቶም መሰረታዊ ሃገራዊ መቕሚያታትና ዝኾኑ ፖለቲካውን ሕብረ-ብሄራውን ብዝሑነታዊ ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ ብምህራም፡ ወራሲ ዓራት ዝቐደሙ ባዕዳውያን ሓይልታት ኮይኑ ኣብ ስልጣን ዝተወጠሐ'ዩ። ነዚ ናይ ህይወት መስዋእቲ፣ ኣካላዊ ስንክልና፣ ከቢድ ሰብኣውን ነገራውን ሞባእ ዝተኸፍሎ ዓወት፡ ካብ ዋናታቱ ህዝብታት ኤርትራ መንጢሉ፡ ሕዛእቱ ብምግባር'ዩ ኣበርዒንዎ። ነቶም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ዋጋ ዝኸፈሉን ኣብ ምህናጽ ሃገር ኣበርክቶኦም ክገብሩ ቁሩባት ዝነበሩን ተቓለስቲ ህዝብታትናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ብምግላል፡ ጅግንነታዊ ቃልስናን ታሪኻዊ መኸሰባቱን ዘሚቱ፡ ንሱ ኤርትራ፣ ንሱ ህዝብን ሃገርን ገይሩ ዝርኢ ገባርን ሓዳግን ንዝኾነ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ኣግዘሞ።

እዚ ፖለቲካዊ ኣግላልነት'ዚ፡ ኣሰኪፉዎም ሕቶ ንዘልዓሉ ገለ ክፍልታት፡ **“መጀመርያ ነጻነትና ብሪፈረንደም ከነረጋግጽ ኣሎና። ደሓር ከም ሃገር ምስ ቆምና ቅዋማዊ ስርዓት ብምትካል ሰልፍታት ዝሳተፍዎ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ክንተክል ኢና፤ እዚ ህግ ገና ኣብ በረኻ እናሃለወ ዝምርሓሉ መትከሉ ስለዝኾነ ዘሻቕል የብልኩምን”** ብዝብል ዕባራ ዋሕስ ዘይብሉ መብጽዓ ብምእታው ፖለቲካዊ ስልጣኑ ከደልድል ተጓየየ። ይኹን ደኣምበር ድሕሪ'ዚ መብጽዓ እቲ ኩነታት ናይ ተገላቢጦሽ'ዩ ኮይኑ። ነቲ ናይ ምግባት ሕቡእ ኣጀንድኡ **“ከተዓናቕፉሎይ ኢዮም፤ ንቅድሚት ኩርኻሕ ይኾኑኑ ኢዮም፤ ሕማቕ መርኣያታት'ዮም፤...ወዘተ”** ኢሉ ንዝገመቶም ንጹሃት ዜጋታት ከሕቕቆም'ዩ ብውዲት ዝወፈረ።

ብኡ ንብኡ እዚ ተግባር'ዚ ኣብ መንጎ'ቶም ንሓደ ዕላማ ኣብ ሓደ መስርዕ ሰውራ ተሰሊፎም ነጻን ደሞክራስያዊትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝተቓለሱ፡ ደቂ ሓንቲ ሃገርን ህዝብን ዝኾኑ ዜጋታት፡ ኣብ ክልተ ተጻረርቲ ኣረኣእያታት ክግምዑ ግድን ኮነ። ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ፖሊሲታቱን ዝተምበርከኹ፡ ንዕዑ ሪዒሞም ከሳስዩ ዝመረጹን ተስገዲዶም ዝተቐበሉን ዜጋታት ብሓደ ሸነኽ፡ ካብ ሓጹር ፋሽስትነት ሰጊሮም ንዕላማታት ሰውራናን ሕድሪ ሰማእታትናን ዝጣበቑ፡ ናይ ገዛእ-ርእሶም ርእይቶን ነጻነትን ዘለዎም ዜጋታት ከኣ በቲ ካልእ ሸነኽ ኮኑ። ኤርትራ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ብኣግላልን በሓትን ፖሊሲታቱ ዝልለ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝዕንድረላ፡ ዜጋታታ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ነጻነት ዝብል ሽም፡ ባርያታት ክኾኑ ተቐሲቦም፡ ብቃጻ ምርሻን፣ ምጭዋይ፣ ምእሳር፣ ምግፋፍን ምርሳይን መዓልታዊ ተጓንፎኦም ኮይኑ ቀጸለ።

እዚ ንረብሓ ህዝብታትና ዝጻባእ ገባቲ ፋሽስታዊ ፖሊሲ'ዚ፡ ናይ ህዝብታትና ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ጽላታት'ውን ንጉጅላዊ ረብሓ ህግደፍ ብዘገልግል መንገዲ ቀረጾ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ናይ 20 ዓመታት ጉዕዞ ስርዓት ህግደፍ፡ ንሃገራዊ መሳርዕ ሕንፍሽፍሽ ብምእታው ብቐጻሊ ናብ መንገዲ ፍሽለት ከምርሕ ኮነ። እዞም ተደጋጋሚ ፍሽለታት፡ ዝተወደበን ዘይተወደበን ናይ ህዝቢ ተቓውሞታት እናወለዱ ክኸዱ ግድን ኮነ። ንሕቶታትን ተቓውሞታትን ህዝብታትና ናይ ምጽዋር ባህሪ ዘይተዓደለ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ድማ፡ ነዚኣቶም ንምብርዓን ዝተፈላለዩ ስልትታት ምኽታሉ ቀጸለ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ መሰረታዊ ባህሪ ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ንምልላይን ርትዓዊ ሚዛን ንምጭባጥን ምእንታን ክንሕገዝ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ማህደር ተሞኩሮና ምድህሳስ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ ተሞኩሮና፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንዝለዓሉ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሕቶታት ይኹን ተቓውሞታት ንምብርዓን ዝተኸተሎም ስልትታት፡-

1. **ዘይትግበር መብጽዓ ምእታው፡-** ከም ናይ'ዚ ኣብነት ብፍሩይ ዝግለጽ፡ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣብ ኤርትራ ዝትከል ስርዓት እንታይ ክኸውን እዩ ንዝብል ሕቶ፡ ኢሳይያስ ክምልስ እንከሎ፡ **“ሚልዮን ብር ዝኸፈለን እንቋቁሖ ዝኸፈለን ማዕረ ዝነብሩላ፤ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ሃገር ኢና ክንተክል”** ክብል ምምላሱ ዝዝከር'ዩ። እዚ ትርግታ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ዝገዘአ መብለጭለጪ መብጽዓ'ዚ እዋኑ ኣኺሉ ድሕሪ ነጻነት ኣብ ዝተጋህደ ሓድሽ መድረኽ ግን፡ እቲ ዝተባሃለን ዝተገብረን በበይኑ'ዩ። ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ማሕበረ ቁጠባዊ መነባብሮ ነባሪ ከተማ ህዝብና ሰማይ እናተሰቐለ ምስ ከደ ፍታሕ ክግበረሉ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝቐረበሉ ሕቶ፡ ብብደዕን ላግጽን፡ **“ሰንበት-ሰንበት ኣብ ገዛኹም እንዳመጻና ዲና በጊዕ ዘይሓረድናልኩም ዲኹም ደሊኹም”** ዝብል መልሲ እዩ ዝሃበሉ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ብዛዕባ

ምፍቃድ ምንቅስቓስ በዝሒ ሰልፍታት ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ ዝሃቦ ቃል ድማ፡ **“ሪፈረንደም ኣዐዊትና ሃገርና ነጻ ምስ ገበርና፡ ኣብ ትሕቲ ቅዋም ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ምንቅስቓስ ክፍቀድ እዩ”** ዝብል ነበረ። እቲ ብተግባር ዝተረኣየ ድማ ሃገርና ቅዋም ኣልቦ ኮይና፡ ብሓደ ውድብ ህግደፍ ጥራሕ ተባሒታ ትርከብ። ናይ ኢሳይያስ መብጽዓታት ጊዜ መሸመቲ ኣብ ጸቢብ መንቀራቕሮ ኣብ ዝተኾርናዓሉ እዋን ዝጥቀመሎም መድሓን ነብሲ ዝኾኑ ስልትታት'ዮም።

2. **ዓቕምን ጊዜን ኩነታትን መመኽነይታ ምጥቃም፡-** ንዝልዓሉ ህዝባዊ ሕቶታት ንምትእንጋድ ሰናይ ድሌት ከም ዘለዎ እናሸሓጠ፡ እንተኾነ ግን ዓቕምን ግዜን ዝጠልብ ምዃኑ ብምግላጽ ንግዚኡ ከተሃዳድእ ዝኽተሎ ሽጣራ'ዩ። በዚ ኣንፈት'ዚ ጊዜ ሸሚቱ፡ ንምጭፍላቕ ሕቶታት ህዝቢ ዝሕግዙዎ ጸረ-ደሞክራሲያዊ ውጥናቱ ንምትግባር ይዓይይ። በዚ መስርሕ'ዚ ዝተጨፍለቑ ህዝባዊ ተቓውሞታትን ሕቶታትን፡ ኣድማ ተጋደልቲን ኣድማ ኣካል ስንኩላን ማይ-ሓባርን ከምኡ'ውን ህዝቢ እምባ-ደርሆ፣ ዓዲ-ኣቤቶ፣ ዓዜን፣ ኳዜንን ድግሳን ምስ መሬትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ብዝተተሓሓዙ ዘልዓልዎም ተቓውሞታት፡ ብጉጅለ 15 ዝፍለጥ ምንቅስቓስ፣ ተቓውሞ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ...ወዘተ ግዳይ ናይ'ዚ ኣዳህሊሉ ብጅምላ ብምእሳር፡ ተቓውሞታት ናይ ምሕቃቕ ተሞኩሮ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ'ዮም።

3. **ናይ ደገ ሓድሽ ኣጀንዳ ብምፍጣር፡-** ናይ ህዝብታትና ክቱር ሃገራዊ ፍቕሪ ብምምዝማዝ ብስም ልዑላውነት ዝጽሕትሮ ኩናትን ጎንጽን ክልተ ብልሒ ዘለዎ ምዃኑ እዩ። እዚ ስልቲ'ዚ፡ ብሓደ ሸነኽ ውሽጣዊ ተቓውሞታት መኣዝን ናይ ምስሓት ዕላማ ዝሓዘ ክኸውን እንከሎ፡ ብካልእ ሸነክ ድማ ንኣጀንዳታት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኣፋኹሱ ተቓውሞ ንዘልዓሉ ባእታታት ናይ ምጽጻይ ሰራም ተልእኾ ዘለዎ ፋሽስታዊ ስልቲ'ዩ። በዚ ስልቲ'ዚ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ኩናት ብምብራዕ፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስልጣኑ ኣብ ምንዋሕ መዳርግቲ ኣልቦ ተራ ዝነበሮ'ዩ። ብሽም ምውሓስ ልኣላውነት ሃገር፡ ዝደስከሉ መብጽዓታትን ዓበይቲ ሃገራዊ ኣጀንዳታትን ማእለያ የብሎምን። ንኣብነት፡ ባዕሉ ንዘጽደቖ ቅዋም ምድስካል፣ ብመሰረት ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጉቡኦም ዝፈጸሙ ንከይሰናበቱ ጅሆ ምሓዝ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዘይበጽሖም ዜጋታት ዘልዕልዎም ሕቶታት ግቡእ ምላሽ ዘይምሃብ። ምስ ልኣላውነት ሃገር ብምትእስሳር ብኽድዓት ተኸሲሶም መውደቒኦም ዘይተፈለጡ መራሕቲ መንግስቲ፣ ሓለፍቲ ግንባር፣ ኣዳለውቲ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን ዓበይቲ ዓዲ ሽማግለታትን ድማ ብርክት ዝበሉ እዮም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ክንርእዮም ዝጸናሕና ህያው ተሞኩሮታት፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝጥቀመሎም፡ ልሙዳት ቅጥፈታቱ መርኣያታት'ዮም። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ በዚ ናይ መብጽዓን ክሕደትን ዝሕላገቱ፡ ናይ 20 ዓመታት ዕድመ ስልጣን ከሲቡ፡ ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ከቢድ ፈተና ኣውዲቑዎ ምጽንሑ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። ብክንድኡ ድማ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ከቢድ ዋጋ ክኸፍሉ ገይሩዎም'ዩ። እቲ ቃልሲ ኣመና ክጽንክር ተዓዋታይነቶም ከኣ ክደናጎይ ጌርዎ'ዩ። ግን ድማ መሊኡ ከቕህሞ ኣይከኣለን። ንቕድሚት'ውን ዝከኣሎ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዚ ዝቐደመ ሽሕጣንን ውዲትን በልዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንቕሓት ህዝብታትና'ውን ካብ ነጻ ተሞኩሮኦም ብዘዋህለልዎ ትምህርቲ፡ እምነት ዝንበረሉ ስርዓት ዘይምዃኑ ሕርሕራይ ጌሮም እናረጋገጹ መጺኦም ኣሎዉ። ደጊም ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብተመሳሳሊ መንገዲ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዘኽእሎ ዕድላት ተጸንቂቑ'ዩ።

ሎሚ ኣብ መበል 20 ዓመት ንግስነት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ውሽጡ ምትእምማን ዝቦኾሮ ኣብ ጸባብ ማይ-ቤት ተሸምሪሩ ብቀዝሒ-ፍርሕን ተነጽሎን ዝልሎ ኮይኑ'ሎ። ማዕረ ማዕሪኡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ስርዓት ዝተዋህለለ መሪር ጽልኢ ህዝብታትና ሰማይ ዓሪጉ፡ ብውሽጥን ብግዳምን ንቓልሲ ዘተባብዕ ኩነታት እናማዕበለ ብምምጽኡ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህላዊኡ ዝተደኃለ ፈንጂ ረጊጹ ምህላዉ ከስተብህል ጀሚሩ'ሎ። ስለዚ ከኣ ኣብ ዕድሚኡ ንመጀመርያ ግዜ፡ **“ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ”** ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ኤርትራ ክመጻደቕ ይኸውን'ሎ።

‘’መንግስቲ ብዋጋ መስዋእቲ ጀጋኑናን ብስንክልናናን ኣብ ስልጣን ምስ ተወጠሐ ረሲዑና፡ ማሕበራዊ ሽግራትና ግቡእ ትኹረት ኣይተገበረሉን፤ ንዝተቓለስናሉ ህዝብን ማሕበረሰብ ዓለምን ጉዳይና ብሰላማዊ መንገዲ ክንገልጽ ኢና” ንዝበሉ ህያው ሓወልቲ ሓርነታዊ ቃልስና ዝኾኑ ጀጋኑ ስንኩላን ማይ-ሓባር፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ብጨካን ኢ-ሰብኣዊ ኣገባብ ምጭፍጫፉ ከይኣክይል **“ሓንቒቆም”** ክብል ብብደዐ ከም ዘባጨወሎም ናይ ቀረባ መሪር ዝኽርና'ዩ። ቅድሚ-ዓሚ ህዝብታት ኤርትራ ብድርቕን ጥሜትን ተሳሒጎም ብኩቦን፡ ባኒ ንምርካብ ብኣሳሒታ ቁሪ ኣብ ነዋሕቲ መሳርዕ ተሰሊፎም ክሓድሩ እንከለዉ፡ “ኣብ ከብዲ ጽጉብ ጥሙይ የሎን” ዝበሃል፡ ታሪኽ ንባዕሉ ደጊሙ፡ **“እዚ ሕንቓቐ'ዩ፤ ኣብ ማዓልቲ ሰለስተ ግዜ ምብላዕ ዝለመደ፡ ክልተ ግዜ ጥራይ ክበልዕ ኣለዎ”** ክብል ከም ዝሓጨጨሎም ዝዝከር'ዩ። እዚ ብሕሰም ዜጋታቱ ዝፍሳህ፡ ብጥሜቶም ዝሰብሕ ስርዓት'ዚ፡ ሎሚ **“ብጹእ ከም ጲላጦስ”** ክመስል ንህልዉ ሽግራት ህዝብታትና ብወግዒ ክእመን ተገዲዱ። በዚ ጥራሕ ኣየብቀዐን፤ በታ **“ሓንቒቕም”** ዝበለት ዓንዴል መልሓሱ፡ መንግስቲ ሞሳ ክኸፍል መደባት ሓንጺጹ ምህላዉ ገሊጹ። መጠበሪ ስድራታት ናይ'ቶም ብዘይ ደመወዝ ጊላታት ህግደፍ ኮይኖም ዕድሚኦም ዘብልዩ ዘለዉ መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ወርሓዊ ዝሽረፍ እኽሊ ከም ዝተጀመረ ገሊጹ። ካብ'ዚ ስርዓት'ዚ ሃዲሞም ኣብ ስደት ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝተዓቐቡ ዜጋታት፡ ኣብ ልዕሊኦም ኣንቢርዎ ዝነበረ “ብክሕደት ህዝብን መንግስትን” ዝሰርዕ ናይ ፈጠራ ክሲ ኣልዒሉ፡ 2% እንተኸፊልኩም ከም ነጻ ሰባት ኣብ ኤርትራ ክትንቀሳቐሱ ትኽእሉ ኢኹም ኢሉ ክጥብር ይፍትን ኣሎ።

እዚ “ምልስላስ'ዚ’’ ምስ'ቲ ኣቐዲምና እንፈልጦ ዕቡይን ትምክሕታውን ባህሪ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ክትኣምኖ ዘጸግም ምትጽጻፍ'ዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዓውዲ'ውን ኣንተኾነ፡ ነቲ **“ልሙስ ውድብ”** ብምባል ከቛሽሾ ዝጸንሐን ብወግዒ

ወኪሉ ዝሰሓበሉን ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ተመሊሱ ትፋኡ ብምልሓስ ንኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ክውክሎ ኮይኑ'ዩ። ምስ ጁቡቲ ዝኾነ ዓይነት ጎንጺ የብልናን ክብል ሸምጢጡ ዝኸሓደ ስርዓት፡ ብመንገዲ መንጎኛነት መንግስቲ ቀጠር ካብ'ቲ ዝወረሮ ከባቢ ክስሕብን ሰራዊት ቀጠር ኣብ'ቲ ቦታ ክሰፍሮን ከም ዝተሰማምዐ፡ ብውሽጥን ብደገን ዝገጠሞ ሓያል ተጽዕኖታት ሰርኒቑዎ ክኣምን ተገዲዱ። እዚ ኩሉ ገልበጥበጥ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ዘይባህሪኡ ምምጽዳቕን "ንለውጢ" ከተኣናግድ ዝገብሮ ናይ ባህሪ ለውጢ ዲ'ዩ? ብፍጹም ኣይኮነን።

ብመሰረቱ እዞም ስጉምትታት እዚኣቶም፡ ንመሰረታዊ ለውጢ ጎስዮም ረብሓን ፖለቲካዊ ስልጣንን ፋሽስታዊ ስርዓቱ ንምውሓስ ዝተገበሩ፡ ጥበራታት'ዮም። ንኣብነት፡ ሕቶ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንስድራታቶም መጠበሪ ብምትኳብ ዝምለስ ኣይኮነን። መሰረታዊ ሕቶ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ነቲ ብብሩህ መጻኢ ዕድሎምን ንእስነቶምን ዝቋመር ዘሎ ገደብ-ኣልቦ ወፍሪ-ባርነትን ግዱድ ዕስክርናን ከብቅዕን፡ ንሱ ዘኸተሎ ሰለሎ ሕጋዊ ተሓታትነት ክህልዎ ዝጠልብ'ዩ። ነቲ ስርዓት ተቓዊሞም ዝተረሸኑ ዜጋታት ፍትሒ ከይረኸቡ፡ ቀዲሙ ዝሰራሓሉ ዝነበረ መምርሒ ምስዓሩ፡ ንስድራ-ቤታትን መቕርቦምን ቁስሎም ክርስዑ ዝገብር ደበስ ኣይኮኖምን። ብኢጋድ ዝቐረበን ብሕብረት ኣፍሪቃ ድማ ዝተደገፈ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ብሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን እሙናት መጋበርያታት ሰበ-ስልጣናቱን ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ዝፈጥረሉ ተርባጽ ደሪኹዎ፡ ወኪሉ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃ ዋላ'ኳ እንተላኣኸ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምሕማስ ውዲቱ ዝተዓቀበ ኣይኮነን። እኳ ደኣስ ካብ'ቲ ከይሲ ተግባራቱ ስለዘይተኣደበ እቲ ዝቐደመ ብይን ማዕቀብ ዝያዳ ክትርር፡ ብሓደሽቲ ጭብጥታት ተሰንዩ ንተወሳኺ ስጉምትታት ኣብ መጋባእያ ክረአ ከም ኣጀንዳ ተታሒዙ ምቕራቡ ይፍለጥ'ዩ። ብድምር እዞም መረዳእታታት ዝእምቱዎ ነገር እንተሃሊዩ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ባህሪኡ ዝዓደሎ ናይ ሽሕጣን ተዋስኦታት እናሰርሐ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምቕናይ ተኸእሎ መድሓን ነብሱ'ዩ ዝገብር ዘሎ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክንዲ'ዚ ክዕጽፍ ዝገብሮ ዘሎ ውሽጣውን ግዳማውን ረቛሒታት እንታይ'ዩ ዝብል ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

1. ፋሽስታዊ ስርዓቱ ብውሽጡ እናቦኽቦኸ ካብ ህዝቢ እናተነጸለ፡ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ካብ ህዝብታታና ዝረኽቦም ዝነበሩ ደገፋት በብእዋኑ እናነጸፉ ይኸዱ ምህላዎም፤ ብተወሳኺ ከም ኣያታቱን ዓንገልቱን ገይሩ ዝኣምኖም መራሕቲ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ገሊኦም ብህዝባዊ ዓመጽ ሓመድ ድብ ለቢሶም፡ ገሊኦም ድማ ናብ ጉድጓድ ክኣትዉ ዝተቓራረቡሉ እዋን ብምኳኑ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ከቢድ ሓደጋ ከንጠልጥል ምግባሩ፤

2. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምውጋድ፡ ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ፡ ሰፊሕ ናይ ህዝብታትና ምንቅስቓስ ዘላዓዕልን፡ ሓይልታት ተቓውሞን ህዝብታትናን ብሰፊሑ ዝሳተፉሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ዝለዓለ ምርብራብ ዝካየደሉ እዋን ብምኳኑ፤ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ዝኾኑሉ ናይ ጽልግልግ እዋናት ተሰጊሩ፡ ንቑሕ ተሳትፎኦም ዘረጋግጹሉ ኩነታት እናተቐልቀለ ይመጽእ ምህላዉ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ከቢድ ሓደጋ ብምኳኑ፤

3. ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ኣንጻር ግፍዐኛታትን ጨቆንትን ስርዓታት ዝተወልዑ ህዝባዊ ናዕብታት፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ኣብ ሃገርና ኣወንታዊ ጽልውኡ ብምዕራፍ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝቐብር ህዝባዊ ዓመጽ ከይውላዕ ኣብ ከቢድ ስግኣት ተሸሚሙ ብምህላዉ፤

4. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ሃገርና ሰጊሩ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንምዝራግ ከካይዶ ዝጸንሐ ጸረ ሰላም ተግባራት ዝተበየኖ ማዕቀብ፡ ትምህርቲ ኮይኑዎ ክእደብ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣቐዲሙ ዝተወሰነ ማዕቀብ፡ ኣዕርዩ ክሰጥም ዝካየድ ጻዕርታት እናተጠናኸረ ይኸይድ ብምህላዉ ኣብ ቀጻሊ ህልውንኡ ዘሕደሮ ከቢድ ስግኣት ብምህላው እዩ።

ንምጥቕላል፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተኸተሎ ስልቲ፡ ብውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ምስ ተኾርነዐ፡ ከይፈተወ ዝኣተዎ "ዝብእስ ክሳብ ዝደልዎ ይሕንክስ" ዝብል ስልቲ ካብ ምኳን ዘይሰግር፡ ንህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ረብሓታቶም ኣብ ምርግጋጽ እዚኣ ትበሃል ጣቓ ዘይብሉ፡ ብትሕዝቶ ይኹን ብዓይነት ነቲ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ዝደግም ዝበስነወ ፋሽስታዊ ሽሕጣን'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ረብሓታቶም ዝረጋገጽ፡ ድሕሪ ውድቀት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኀይቶት ገዛእ-ነብሶም ዝገብርዎ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ተቓሊሶም ብምርግጋጽ ጥራይ'ዩ። ናብ'ዚ ናሕሲ ዓወት ንምሕኳር ከኣ፡ ነቶም ኣብ ቅድሜና ዘለዉ ወርቃዊ ናይ ቃልስን ለውጥን ዕድላት ጸንቂቕና ንምምዝማዝን ኣብ ረብሓና ንምውዓልን ምእንታን ክንበቅዕ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረትን ሓያል ዓቕምን ዝፈጥረልና ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት፡ ዓቲብና ክንሰርሕ ክህልወና'ዩ።

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡**
02 ነሓሰ 2011